# መሪላንድ ክፍሊ ሓልዮት ጥዕናን ስነ ጥዕና ኣእምሮን
# ከምኡውን ንጥዕናኹም ዝምልከት ሓብሬታ

### ብሑትነት ወይ ምስጢራውነት ንምውሓስ ዝዓለመ ኣሰራርሓ ዝምልከት መብርሂ

እዚ ምልክታ'ዚ ንጥዕናኹም ዝምልከት ሓብሬታ ብኸመይ ከምዝስራሓሉን ከምዝመሓላለፍን ንስኻትኩም ከኣ ብኸመይ ክትረኽብዎ ከም እትኽእሉን ዝገልጽ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ብኽብረትኩም ተገዲስኩም ኣንብብዎ።

### <u>መእተዊ</u>

ናይ መሪላንድ ክፍሊ ሓልዮት ጥዕናን ስነ ጥዕና ኣእምሮን (DHMH) ንጥዕናኹም ዝምልከት ሓብሬታ ምሕላው (ምዕቃብ) ከም ግቡኡ ምዃኑ ፈሊጡ ዝሰርሕ ትካል እዩ። DHMH ናይ ዝተዓቀበ ናይ ጥዕና ሓበሬታ PHI ምስጢራውነት ከውሕስ ብሕጊ ይሕተት እዩ። PHI ክንብል እንከለና ካባኹም ወይውን ካብቶም ብዛዕባ ናይ ኣካል ይኹን ናይ ኣእምሮ ጥዕናኹም ኣፍልጦ ክህልዎም ዝኽእሉ ወገናት እንረኽቦን ክልለ ወይ ክፍለጥ ዝኽእል ሓበሬታ ዘጠቓልል እዩ። ብተወሳኺ ዝተገበረልኩም ናይ ሕክምና ኣገልግሎትን ይኹን ንምእንትኡ ዝተገብረ ክፍሊት ድማ የጠቓልል እዩ። ሕጊ ብዝጠልቦ መሰረት፡ እዚ ምልክታ'ዚ ብዛዕባ መሰላትኩምን ብዛዕባ ሕጋዊ ግዴታናን ከምኡ ድማ ምስጢራውነት ንምውስሓስ ብዛዕባ እንኽተሎ ኣሰራርሓን ሓበሬታ ዝህበኩም እዩ። ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ንምቕራብ ወይ ድማ ንክንክን ጥዕናኹም ዝምልከት ክፍሊት ንምግባር፡ DHMH ንጥዕናኹም ዝምልከት ዝተወሰነ ሓበሬታ ይሓትት። እዚ ሓበሬታ፡ዚ ኸኣ ኣብ መዝገብ ይተሓዝ። ብሓፈሻ፡ እዚ መዝገብዚ ናይ ሕማምኩም ምልክታት፡ ናይ መርመራ ውጽኢት፡ ዓይነት ሕማምን ዝተኣዝዘ ሕክምናን የጠቓልል። እዚ ሓበሬታ'ዚ ናይ ጥዕናኹም ወይ ናይ ሕክምናኹም መዝገብ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብሕጊ ከኣ ከም ናይ ጥዕና ሓበሬታ ዝፍለጥ ኮይኑ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓላታት ከኣ ክውዕል ይኽእል። ዋላኳ ኣብዝኾነ ግዜ ኣገባብ ናይ ምስጢራውነት ኣሰራርሕኡ ናይ ምቕያር መሰሉ ሕልው እንተኾነ፡ DHMH ይኹን ናይ ስራሕ መሻርኽቱን ነዚ ኣብዚ ምልክታ'ዚ ተዋሂቡ ዝርከብ ናይ ምስጢራውነት ኣሰራርሓ ክኽተሉ ግን ይግደዱ እዮም። ቅዳሕ ናይዚ ምልክታ'ዚ ከኣ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ዝኾነ ናይ DHMH ትካል ሓቲትኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ድሕረገጽና (ወብሳይት) እውን ይርከብ እዩ። ኣድራሻና ከኣ እነሆ፡ http://dhmh.maryland.gov

### <u>ዝፍቀድ ኣጠቓቕማን ምትሕልላፍን</u>

ሰራሕተኛታት DHMH ንጥዕናኹም ዝምልከት ሓበሬታ ስርሖም ኣብ ዘካይዱሉ እዋን ጥራይ እዮም ዝጥቀሙሉ። ካብቲ ልሙድ ናይ DHMH ስርሓት ወጻኢ ንዝኾኑ ጉዳያት እንተ ደኣ ተደሊዩ ግን፡እቲ ጉዳይ ሕጊ ዝፈቕዶ ወይ ዝሓቶ እንተዘይኮይኑ፡ DHMH ፍቓድ ካባኹም ብጽሑፍ ክረክብ ይግበኦ። እዞም ካብዚ ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለዉ፡ ገለ ካብቶም ነቲ ሓበሬታ ክንጥቀመሉ ወይ ክነመሓልልፈሉ እንኽእለሎም ኣብነታት እዮም፡

**ብዘይ ፍቓድ እንጠቀመሉ ወይ እንመሓላልፈሉ፡ ሕክምና-ክፍሊት-ወይ ክንክን ጥዕና ዝምልከቱ ስራሓት**

- **ንሕክምና፡** DHMH ናይ ሕክምና ፍቓድ ንክህብ ወይ ክኽልእ ወይ ድማ እቲ ሕክምና ግቡእ ምዃኑን ዘይምዃኑን ንኽውስን፡ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክጥቀም ወይ ከመሓላልፍ ይኽእል። ንኣብነት፡ ናይ DHMH ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስቶም ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዝህቡኹም ሰብ ሞያ ብሓባር ኮይኖም ንሕክምናኹም ክግምግሙዎ ይደልዩ ይኾኑ። እዚ ድማ ነቲ ሕክምና ኣድላዪ ስለዝኸውን ወይውን ኣገልግሎ ንምውህሃድ ክኸውን ይኽእል።
- **ገንዘብ ንምርካብ፡** DHMH ሕሳብ ንምድላው፡ ንናይ ሕክምናኹም ኣገልግሎት ዝኸውን ገንዘብ ንምርካብ፡ ወይውን ኣብ ኣገልግሎትና ምስታፍ ከምዝግባኣኩም ንምውሳን ናይ ጥ ዕናኹም ሓበሬታ ክጥቀም ወይ ከመሓላልፍ ይኽእል። ንኣብነት፡ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ዝሃበኹም ትካል ገንዝገበረልኩም ኣገልግሎት ክንከፍሎ ክሓተና ይኽእል።
- **ንጉዳያት ክንክን ጥዕና፡** DHMH ናይ ኣገልግሎት ጥዕና ዓይነት ወይ ደረጃ ንምግምጋም ወይ ንናይ ስቴት ወይ ብፈደራል ተቖጻጸርቲ ንምሃብ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክጥቀም ወይ ከተሓልልፍ ይኽእል፡

**ካልኦት ሓበሬታ እንጥቀመሎም ወይ እነመሓላልፈሎም ሕጊ ዝፈቕዶም ወይ ዝጠልቦ ኩነታት**

- **ንሓበሬታ፡** ፍሉይ መምርሒ ክሳብ ዘይሃብኩምና፡ DHMH ናይ ቆጸራ መዘኻኸርን ካልእ ንፐሮግራምኩም ዝምልከት ሓበሬታ ንገዛኹም ክሰድድ ይኽእል እዩ።
- **ብሕጊ ምስ ዝሕተት፡** ብሕጊ ኣብ እንሕተተሉ ግዜ፡ DHMH ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክህብ ይግደድ እዩ

- **ስራሓት ህዝባዊ ክንክን ጥዕና፡** ብዛዕባ ሕማማትን፡ መጉዳእትን ሓብሬታ ክእከብ ወይ ጸብጻብ ክዳሉ እንተደ ተሓቲቱ ወይውን ብካልኦት ናይ ክፍሊ ጥዕና ኣብያተ ጽሕፈታት ወይውን ናይ ሕዝባዊ ክንንክን ጥዕና ኣድላዪ ዝኾነ ስታቲስቲክ ከማሓላልፍ እንተ ደኣ ተሓቲቱ፡ ሓበሬታ ክህብ ይኽ እል እዩ።
- **ናይ ክንክን ጥዕና ናይ ምቁጽጻር ስራሓት፡** DHMH ምቁጽጻር ንዝምልከቶም ናይ ውሽጡ ንኡሳን ክፍልታትን ካልኦት ትካላትን፡ ሕጊ ብዝጠልቦ መሰረት ሓበሬታ ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ። ናይ ገንዘብ ቁጽጽር፡ ፍተሻ፡ መረመራ፡ ፍቓድ ምሃብ ወዘተ ኣብነት ናይ ቁጽጽር ስራሓት እዮም።
- **መርመርቲ ሬሳታት፡ መርመርቲ ሕክምና፡ ኣካየድቲ ስነ ስርዓት ቀብሪ ከምኡውን ምልጋስ ኣካላት፡** DHMH ንመርመሪቲ ሬሳ፣ ንናይ ሕክምና መርመርቲ ወይ ንኣካየድቲ ስነ ስርዓት ቀድብርን ከምኡውን ብጉዳይ ምልጋስ ኣካላት፡ ዓይኒ ወይ ካልእ ናይ ሰውነት ክፋል ወይ ብፈልሲ ዝግበር ሕክምና፡ ሕጋዊ ፍቓድ ንዘለውን ማሕበራት ምስ ሞት ዝተሓሓዝ ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ።
- **ብጉዳይ ምርምር፡** ኣብ ገለ ገለ ኩነታት፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ናይ ናትና ናይ ትካላዊ ምርመራ ሽማግለ ወይ ምዱብ ናይ ምስጢራውነት ጉዳያት ሽማግለ፡ DHMH ናይ ሕክምና ምርምር ንምሕጋዝ ናይ ሕክምና ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ።
- **ናይ ጥዕናን ናይ ድሕነትን ጠንቂ ንምውጋድ፡** ንጥዕናን ንድሕነትን ኣብ ሓደጋ ከእትዉ ዝኽእሉ ዓበይቲ ጠንቅታት ምእንቲ ከይፍጠሩ፡ DHMH ከም ኣድላይነቱ፡ ንኣተግበርቲ ሕግን ነቲ ሓደጋ ወይ ጠንቂ ከወገዱ ወይ ከኣድማ ክንክዩ ይኽእሉ እዮም ንዝበሃሉ ሰባት ናይ ጥዕና ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ።
- **ዓመጽን ሸለልትነትን።** ናይ ዓመጽ፡ ናይ ሸለልትነት፡ ናይ ኣብ ስድራቤት ዝግበር ጎነጽ ወይውን ናይ ካልእ ዓይነት ገበን ግዳይ ኮይንኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም ዝብል እምነት እንተሕዲርና፡ DHMH ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ናብ ዝምልከቶ በዓል ስልጣን ከመሓላልፍ እዩ። DHMH ነቲ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ከመሓላልፍ እንከሎ፡ ንጥዕናኹም ይኹን ንድሕነትኩም ከምኡውን ንናይ ካልኦት ሰባት ጥዕናን ድሕነትን ኪጋጥም ዝኽእል ሓደጋ ንምውጋድ ኣድላይ ክሳብ ዝኾነሉ ደረጃ ክገብሮ እዩ።
- **ፍሉያት መንግስታዊ ስራሓት፡** ኣብ ዝተወሰኑ ኩነታት፡ DHMH ናይ ኣባልት ሰራዊትን ገዳይም ወተሃደራትን ናይ ጥዕና ሓበሬታ፡ ኣብ ገለ ኩነታት ንናይ መኣረምታ ትካላት፡ ምስ ናይ ዕስክርና ብቑዕነትን ናይ ዕስክርና ምዝገባን ዝተኣሳሰሩ መንግስታዊ ናይ ሓገዝ መደባት፡ ከምኡውን ሓለዋ ፕረሲደንት ዝኣመሰሉ ናይ ሃገራዊ ድሕነት ምኽንያታትን ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ።
- **ስድራቤት፡ ኣዕሩኽ ከም ኡውን ካል ኦት ኣብ ክንክንኩም ግደ ዘሎዎም፡** ምስ ዝወሃበኩም ኣገልግሎት ወይ ድማ ምስ ክፍሊት ናይ ዝግበረልኩም ኣገልግሎት ብቐጥታ ዝዛመድ እንተ ደኣ ኮይኑ DHMH ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ንሰባት ክህብ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ብዛዕባ እትርከቡሉ ቦት ወይ ኩነታት ወይ ድማ ብዛዕባ ሞት ምእንቲ ክሕብሮም ይኸውን።
- **ጥርዓን፡ ክርክር፡ ይግባኣኒ ምባል፡** ኣብ ጥርዓን ወይ ኣብ ክርክር ወይ ድማ ይግባኣኒ ኣብ ምባል እንተ ደኣ ኣቲኹም፡ DHMH ከም ግብረ መልሲ ንካብ ኣብያተ ፍርዲ ወይ ካብ ምምሕዳር ዝቐርብ ትእዛዝ፡ መጸዋዕታ፡ ናይ ምፍላጥ ጠለብ ወይ ድማ ብስምኩም ንዝቐረበ ጥርዓን ንምምርማር ወይውን ንተመሳሳሊ ሕጋዊ መስርሕ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክህብ ይኽእል እዩ።
- **መስርሕ ምኽባር ሕጊ፡** ሕጊ ብዝጠልቦ መሰረት ወይ ብመሰረት ትእዛዝ ቤት ፍርዲ DHMH ንወግዓዊ ናይ ምኽባር ሕጊ ትካላት ናይ ጥዕናኹም ሓብሬታ ክህብ ይኽእል እዩ።
- **ካልኦት ፍቑድ ዝኾነ ስራሓት ዘካይዱ ኣካልት፡** ንሕና ኣብ DHMH ነዞም ኣብ ላዕሊ ተገሊጾም ዝርከቡ ስራሓት ባዕልና ከነካይዶም ንኽእል ኢና ወይውን ብመገዲ ካልኦት ናይ ስራሕ መሻርኽትና እንብሎም ኣካላትውን ከነካይዶ ንኽእል ኢና። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ከክንዳኹም ኮይና ንሳልሳይ ኣካል ኣብ እነመሓላልፈሉ እዋን፡ ብመገዲ ግቡእ ናይ ምስጢራውነት ውዕል ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክንሕልው ኢና።
- **ገንዘብ ናይ ምእካብ ስራሓት፡** DHMH ንዑኡን ንስራሓቱን ዘድሊ ገንዘ ንምርካብ ንክራኽበኩም ሓበሬታኹም ክጥቀም ይኽእል እዩ። እዚ እነውጽኦ ሓበሬታ ግን ንክንራኽበኩም ኣድላይ ዝኾኑ ከም ስምኩም፡ ኣድራሻኹም፡ ቁጽሪ ተሌፎንኩምን ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ወይ ናይ DHMH ዝረኸብኩሙሉ ዕለትን ጥራይ ዘጠቓለለ እዩ።

## <u>መሰላትኩም</u>

**እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣልዉኹም፡**

- **ቀይዲ ምሕታት፡** DHMH ብዛዕባኹም ዝጥቀሞ ወይ ዝፍንዎ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ንምቕያድ ወይ ንምድራት ክትሓቱ መሰልኩም እዩ። DHMH ብዝተኻእለ መጠን ጠለብኩም ከማልእ ክፍትን እዩ። ይኹን ደኣምበር ምስ ጠለብኩም ናይ ምስምማዕ ሕጋዊ ግዴታ የብሉን። እዚ ድማ ብዘይካ ብሕጊ ዝግደደሉ ግዝያት፡ እቲ ናይ ሓበሬታ ምውጻእ ብጉዳይ ክፍሊት ወይ ስራሓትት ኣገልግሎት ጥዕና (ምክያድ ስራሓት ኣገልግሎት ጥዕና ዘይኮነ)፡

ከምኡውን እቲ ዝተዓቀበ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ምስ ዝተወሰነ ናይ ክንክን ጥዕና ጉዳይ ጥራይ ዝተኣሳሰረ እንተኾይኑ፡ ወይ ድማ እቲ ናይ ጥዕና ሓበሬታ ንውልቅን ብሙሉን ዝተኸፈለ ወሃቢ ኣገልግሎት ጥራይ ዝምልከት እንተኾይኑ እዩ።

- **መልእኽቲ ብምስጢራውነት ክኸውን ምሕታት፡** DHMH መልእኽቲ ኣብ ካልእ ኣድራሻ ወይ ብካልእ ኣገባብ ክሰደልኩም ክትሓቱ መሰል ኣለኩም። ጠለብኩም ንዓና ኣዝዩ ከቢድ ክሳብ ዘይኮነ ኸኣ DHMH ክሰማማዓሉ ይግባእ።
- **ምምርማርን ቅዳሕን፡** ጠለብ ብጹሑ እንተ ደኣ ኣቕሪብኩም ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ናይ ምርኣይ መሰል ኣለኩም። ይኹንን ደኣምበር፡ እዚ ግን ናይ ሳይኮቴራፒ (ሰነ ኣእምሮኣዊ ፍወሳ) ጸብጻባት፡ንሕጋዊ ጉዳያት ዝተታሕዘ ሓበሬታ፡ ብሕጊ ንክይወጽእ ዝተኣገደ ሓበሬታ ወዘተ ኣየጠቓልልን እዩ። ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ቅዳሕ እንተደኣ ደሊኹም ክኣ ንምቕዳሕ፡ ንፖስታ ወይ ክኣ ናቲ ዝተቓቀበ ሓብሬታ መብሪሂ ወይ ድማ ብሕጽር ዝበለ መልክዕ ንምድላው ዝኸውን ቅልል ዝበለ ወጻኢ ክትከፍሉ ክትሕተቱ ኢኹም። ኣየናይ ክፋል ናይቲ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ከም እትደልዩ ምንጋር ወይውን እቐዲምኩም መጠን ናይቲ እትሕተቱዎ ገንዘብ ናይ ምፍላጥ መሰል እውን ኣለኩም። DHMH ነቲ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ብኤሌክትሮኒካዊ መዛግብ እንተደኣ ሒዝዎ ኣሊዩ፡ ብመገዲ ኤሌክትሮኒች ክትርእይዎ ከም እትኽእሉ ወይ ናብ ሓደ ብኣኹም ዝተመዘዘ ትካል ወይ ሰብ ከምዝበጽሕ ክንገብር ንኽእል ኢና። እዚ ማለት ግን ምርጫኹም ንጹር፡ ርኡይን ፍሉጥን ምስዝኸውን ጥራይ እዩ።
- **ምምሕያሽ ክግበር ምሕታት፡** ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ክቐየረልኩም ወይ ክውሰኾ እንተደሊኹም ንDHMH ብጹሑፍ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። DHMH ክኣ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ መልሲ ክሰደሉም እዩ። እዚ ግዜ'ዚ ክኣ ን30 መዓልቲ ክናዋሕ ይኽ እል እዩ። ይኹን ደኣምበር (1) እቲ ሓበሬታ ምሉእን ልክ ዕን እንተኾይኑ (2) ንሕና ዘይመዝገብናዮ ወይ ድማ ኣብ መዛግብና ዘየለ እንተደኣ ኾይኑ (3) ክወጽእ ክልኩል ዝኾነ ሓበሬታ እንተኾይኑ፡ DHMH ንጠለብኩም ክነጽግ ይኽእል እዩ፡ በንጻሩ DHMH ነቲ ናይ ምምሕያሽ ጠለብኩም እንተደኣ ተቐቢሉዎ፡ DHMH ነቲ ሓበሬታ ቀይሩ ክፍልጠኩም እዩ። ብተወሳኺ DHMH ንካልኦት እቲ ሓበሬታ ከምዝተቀየረ ክፈልጡ ዝግበኦም ኣካላት ክሕብሮም እዩ።
- **ፍቓድ ምሕታት፡** ንመብዛሕቲኡ ኣጠቓቕማ ምትሕልላፍን ናይ ጸብጻባት ሳይኮቴራፒ፡ ዕዳጋ ዘተባብዑ መልእኽትታት ንክስደደልኩም ከም ኡውን ንመሸታ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ብፍቓድኩም ንክኸውን ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- **ዝርዝር ናይ ንደገ ዝወጸ ሓበሬታ ክንገረኩም፡** ብድሕሪ ሚያዝያ 14, 2003 ዝተገብረን ካብቲ እትሓቱሉ ዕለት ክኣ ብ6 ኣዋርሕ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ (ዝወጸ) ዝርዝር ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ንክንገረኩም ክትሓቱ መሰልኩም እዩ። እዚ ግን ንሕክምና፡ ንክፍሊት ገንዘብን ንስራሓት ሕክምናን ዝምልከት ሓበሬታ ኣየጠቓልልን እዩ። ብተወሳኺ DHMH ዝርዝር ናይቲ ናባኹም ዝተላእከ፡ ወይ ንክወሃብ ብጹሑፍ ፍቓድኩም ዝገለጽኩሙሉ፡ ብምኽንያት ሃገራዊ ድሕነት ዝተዋህበ፡ ንሰበሰስልጣን ኣኽብርቲ ሕጊ ዝተላእከ፡ ንናይ መኣረሚ ትካላት ዝተዋህበ ሓበሬታ ክህብ ግዴታ የብሉን። ንከምዚ ዝኣመሰለ ዝርዝራት ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ክሳብ ዝኾነ ኣይትኸፍሉን ኢኹም። ብተወሳኺ DHMH ዝርዝር ናይ ብመገዲ ኤሌክትሮኒች ንደገ ናይ ዝተማሓላለፈ ናይ ሕክምና ሓበሬታ፡ ዝተላእከ ክፍሊት፡ ናይ ክንክን ጥዕና ስራሓት ይህብ እዩ። ይኹን ደኣምበር፡ እዚ ኣብተን ቅድሚ ክወሃበኩም ዝሓተትኩሙሉ ዕለት ዘለዋ ናይ መጨረሸታ ሰለት ዓመታት ጥራይ ዝድረት እዩ።
- **ኣየድልየንን እዩ ምባል፡** ገንዘብ ም እካብ ዝምልከት መልእኽቲ ክሰደልኩም መሰል ኣለኩም። ከምኡ'ውን ኣየድልየንን እዩ ናይ ምባል መስል ክኣ ኣለኩም። ብተወሳኺ ኣብ መዝገብ ተሓከምቲ ናይ ትካል DHMH ስምኩም ክህልው እንዘይደሊኹም፡ ኣይደል እየ ናይ ምባል መሰል ኣለኩም።
- **ጥሕሰት እንተተረኺቡ ክንገረኩም፡** ብግቡእ ዘይተሃለወ ናይ ጥዕናኹም ሓበሬታ ብዘይ ኣገባብ እንደኣ ወጺኡ ንክንገረኩም ክትሓቱ መሰል ኣለኩም።
- **ውርሻ (ብዓይኒ ሕክምና) ዝምልከት ሓበሬታ ክዕቀበልኩም ምሕታት፡** ዝኹነ ኣካል ናይ DHMH ናይ ጥዕና ክንክን ከም ከም ናይ ጥዕና መድብ እንተእኞጺሩ፡ምእንቲ ውሕስነት እዚ መድብዚ ውርሻ ዝምልከት ሓበሬታ ካብ ከጥቀም ወይ ድማ ንካልእ ኣካል ከተሓላልፍ የብሉን።
- **ናይ ኣእምሮ ጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ክዕቀበልኩም ምሕታት፡** ኣብ መዝገብ ዘሎ ምስ ናይ ኣእምሮ ጥናኹም ዝተኣሳሰር ሓበሬታ ብዘይፍቓድኩም እንተደኣ ተመሓላሊፉ፡ DHMH ካብቲ ኣብ መዝገብ ዘሎ ሓበሬታ ነቲ ምስቲ ክመሓላለፍ ዝተደለየሉ ዕላማ ዝተኣሳሰር ሃበሬታ ጥራይ ኢዩ ከመሓላልፍ ዝኽእል።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ፡**

እዚ ሰነድ'ዚ ብካልኦት ቋንቋታትን ብካልኦት ምስ ናይ ኣመሪካ ናይ ስንክልና ሕጊ ዝወሰኖም መዐቀኒታት ዘማልኡ መልክዓትን ክርከብ ይከኣል እዩ። ሕቶታት እንተሊዩኩም ወይ ዝያዳ ሓበሬታ እንተደኣ ደሊኹም፡ ብዚ ዝስዕብ ኣገባብ ሓቲኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ (Insert Designated Business Unit Privacy Contact Name and Number፡ ስም ናይ ትደልይዎ ትካል ናይ ምስጢራውነት ኣብዚ ምርቋሕ፡ ንመራከቢ ዝኸውን ስምን ቁጽርን ከኣ) ______________________________

**ምስጢራውነት ንምውሓስ ብዛዕባ እንካይዶም ስራሓት ሽግር ተራኢዩኩም ክትሕብሩና እንተደሊኹም፥**
ናይ ምስጢራውነት መሰልኩ ተጋሂሲ ዝብል እምነት እንተሊዩኩም፥ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- ኣብ ትሕቲ ናይ መሪላንድ ክፍሊ ሓልዮት ጥዕናን ናይ ስነ ጥዕና ኣእምሮን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምእዘዛ ትካል ጥርዓን ከተቕርቡ እንተደሊኹም፥በዚ ቁጽሪ'ዚ ደውሉ (1-866-770-7175)
- ኣብ ትሕቲ ናይ ዩናይትድ ስቴትስ (ኣመሪካ) ጸሓፊ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ኣገልግሎትን ዝርከብ ቤት ጽሕፈት በርጌሳዊ መሰላት ክሲ ከትቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

መዚ ዓይነት ክሲ ስለቕረብኩም DHMH ኣብ ልዕሌኹም ዝወስዶ ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ የልቦን።
**ኣብ ግብሪ ዝውዕለሉ ዕለት፥** እዚ ምልክታ'ዚ ብዕለት 19 ነሓሰ 2013 ኣብ ግብሪ ይውዕል።

---

**ንምሃብ ዝተገብሩ መደባት ናይ ምቕባል ፎርማ ከዝሀልው ክገብሩ ኣለዎም**
(እዚ ምልክታ'ዚ ከምዝተቐበልኩም ኣብዚ ኣረጋግጹ)

ተሓካሚ/ት ወይ ናቱ/ታ ፍቓድ ዘለዎ ሰብ ________ ዕለት ________

ናይ ምቕባል መረጋገጺ ክትረኽቡ እንተዘይክኢልኩም፥ ምኽንያት ሃቡ ________

ክታም ወኪ DHMH

DHMH 4617 (09/13)